# ወንጌል

## መጽናዕቲ ብዛዕባ ወንጌል

ካብ መጽሓፍ "ትምህርቲ ቕ.መጽሓፍ"
ብአባ ኣማኑኤል ምስጉን ዝተደርሰ

አብዚ ሓዲሽ ምዕራፍ መጽናዕትና ብመጀመሪያ ብዛዕባ ሕይወት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክንዛረብ ኢና። ኣብዚ ብዛዕባ ዕለት ሞትን ልደትን ክርስቶስ ኣብ ርእሲ ምምልካትና ክርስቶስ ብሓቂ ኣብ ምድሪ ከምዝነበረ ዝምስክሩልና ክርስትያንን ዘይክርስትያን መስከርትን ድሕሪ ምዕዛብና ብዛዕባ ሕይወት ክርስቶስ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ክንርኢ ኢና።

## ፩- ሕይወት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ

ኣስታት ፪ ሽሕ ዓመት ይገብር ብሓቂ ክርስቶስ ከምዝነበረ ክክሓድ ኣይከኣልን ኢዩ። ከመይ ብዘይካ ወንጌላውያን ካልኦት ዘይክርስቲያን መሰኻኽር ነዚ ዘረጋግጹልና ስለዘለዉ። ካብዚኣቶም ክንጠቅስ፤

***ሀ/ ታሲቱስ*** (ሮማዊ ፀሓፊ ታሪክ) ብ፻፲፯ ዓ.ም. ኣብ "ኣናለስ" ዘርእስቱ መጻሕፍትታቱ ብዛዕባ ብኔሮን ዝተፈጸመ ስደት ክርስትያን ከልዕል እንከሎ "መስራቲ እዞም መናፍቓን (ክርስቲያን) ብግዜ መንግሥቲ ጥበርዮስ ብትእዛዝ ጲላጦስ ጴንጤናዊ ንሞት ዝተፈርደ ክርስቶስ እዩ" ይብል ኣስዒቡ ከኣ *"ንግዚኡ (ድሕሪ ሞት ክርስቶስ) እዚ መናፍቕነት ዝጠፍኤ ይመስል ነበረ እንተኾነ ግን ከምብሓዲሽ ኣብቲ መበቆሉ ዝኾነ ምድሪ ይሁዳ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ሮማ እውን ኣስፋሕፍሐ። ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጹ መናፍቓን ከኣ ንዝኾነ ውርደትን ስቅያትን ብታሕጓስ ይቕበልዎ ነበሩ"* ይብል።

***ለ/ ዝቨቦቶኒዮስ*** (ኣረማዊ ሊቅ) ብ፻፳ ዓ.ም. ኣብ ዝጸሓፎ "ሕይወት ግላዉዴዎስ" ፥ "ነቶም ብክርስቶስ ዝተባህለ ሰብኣይ ዝለዓሉ ዝነበሩ ኣይሁድ (ክርስቲያን) ንጉሥ ግላውዴዎስ ካብ ሮማ ሰጐጐም" እናበለ ነቲ ኣብ ግብሪ ሐዋርያት (፲፰፥ ፪) ዝተጠቕሰ ምልዓል ክርስትያን ይዝክረልና።

***ሐ/ ፕሊንዮ*** "ንኡስ" ኣማሓዳሪ ቢትንያ ብ፻፲፩-፻፲፫ ዓ.ም. ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቲ ንንጉሥ ትራያኖስ ብዛዕባ ክርስትያን ከምዚ ይብል "ኣብ ውሱን መዓልቲ ቅድሚ ጸሓይ ብራቕ ተንሲኦም ንክርስቶስ ከም ንሓደ ኣምላኽ ናይ ውዳሴ ዜማ የዕርጉሉ"።

***መ/ ዮሴፍ ፍላቪዮ*** (ዮሴፍ ወልደ ኮሪዮን) ዝተባህለ ዕብራዊ ጸሓፊ ታሪኽ ብ፴፯-፺፬ ዓ.ም. ኣብ ዝጸሓፎ መጽሓፍ "ብዛዕባ ጥንታውያን ነገራት ኣይሁድ" ታሪኽ ሊቀ ካህናት ኣናኖ (ወዲ'ቲ ኣብ ወንጌል ተጠቒሱ ዘሎ ሊቀ ካህናት) ኪዝክር እንከሎ "ንያዕቆብ (ንኡስ) ኃዉ እቲ ክርስቶስ ዝተባህለ ኢየሱስ ኰነኖ ንኻልኦት ከኣ ሕጊ ሙሴ ስለዝኸሓዱ ብዳርባ እምኒ ኣቕተሎም..." እናበለ ኣብ ርእሲ ምጽሓፉ ካልእ ካብዚ ስፍሕ ዝበለ ዝተቓመመ ጽሑፍ'ውን ይርከቦ ግን ብሓቂ ናቱ ምኻኑ ስለ ዘጠራጥር ኣብዚ ኣይንጠቕሶን።

***ሠ/ ማራ ሶርያዊ*** ዝተባህለ ፍላስፍ በአስታት ፸፫ ዓ.ም. ኣቢሉ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ንክርስቶስ ከም ሓደ "ጥበበይና ንጉሥ" ምስ በዓል ፒታጐራን ሶቕራጥስን ከምዚ እናበለ ይዝክሮ "አይሁድ ነቲ መምህር ንጉሦም ብምቕታሎም እንታይ ረብሑ፤ መንግሥቶም'ዶ አዮዓነወን፤ ንሳቶም ከአ ተሳዕሩ ተሰዱ ኣብ ኵሉ ቦታ'ውን ፋሕ በሉ። እቲ መምህር ንጉሥ ግን ሳላ እቲ ዝሃቦ ሓዲሽ ሕጊ ኣይሞተን"።

***ረ/ ኣብ ታልሙድ*** ዚባሃል መጽሓፍ ኣይሁድ ክርስቶስ ከም ወዲ ሓንቲ ዘማዊት ሰበይቲ ከም መስራቲ ጉጅለ መናፍቓን ኮይኑ ይዘከር ድአ እምበር በቲ መጽሓፍ ጸላእቱ'ውን እንተኾነ ታሪኽነቱ ኣይካሓድን።

ምስ'ዚ ኵሉ ግን ወንጌላውያን ብዛዕባ ክርስቶስ አስፊሖም ስለዘይጸሓፉልና ገሊኣቶም ወንጌል ኣዕሚቖም ኪምርምሩ ዝደልዩ ፍላስፋታትን ምሁራትን ዝተፈላለየ ሓሳበት የቕርቡልና። ገና ክርስትና ኣብ ምስፍሕፋሕ እንከሎ ገሊኣቶም ከም በዓል ማርቾን፣ ቸልሶ፣ ሉቺአኖ ዝተባህሉ ጸሓፍቲ -ተጻይ - ክርስቲያን ሕይወት ክርስቶስ ብብዝሒ ተኣምራት ተሰንዩ ስለዝረኣዩዎ ጽዋ ፈጠራ እዩ እናበሉ ኣቃሊሎሞ እዮም። እንተኾነ ድ'ኂሩ በቶም ናይ መንፈስን ናይ እምነትን ነገር ከይገደሶም ብሰብአዊ ኽእለቶም ጥራይ ክምርምሩ ዝደለዩ ከም እኒ ባሩኽ ስፒኖዛ (Baruch Spinoza 1632-1677) ሽላየርማኽር (Schleiermacher 1768-1834)፥ ካንት (Emanuel Kant 1724-1804) ወንጌል ኣብ መርመራ ምስ ኣተወ ከም ጸላእቲ እምነት ተቐጺሮም ተቐባልነት ኣይረኸቡን። ግን ንመጽናዕቲ ሓዲሽ ኪዳን ሓዲሽ ምዕራፍ ከፈትሉ። ድሕሪ'ዞም ገሊኣቶም ሊቃውንቲ ሽትራውስ ባወር ረናን (Starauss, Bauer, Renan) በዚ ሓዲሽ መጽናዕቲ ቅዱስ ወንጌል (ሓዲሳት) ወይ ከኣ ሕይወት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ስለዝተማረኹ ብወገኖም ዓሚቍ መጽናዕቲ ወሰድሉ ግን ብዘይ መጠን ናብ'ቲ ታሪኻዊ ሕይወት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ስለ ዜድሃቡ ኣብ መወዳእታ "ክርስቶስ ፈጺሙ ኣብ ታሪኽ ዓለም ኣይተራእየን ኵሉ'ቲ ኣብ ወንጌል ዘሎ ዜደንቕ ነገራት ልቢ ወለድ እዩ" ኣብ ዚብል ደምዳሚ ሓሳብ ወደቑ። ገሊኣቶም ከኣ ታሪኽ ክርስቶስ እኳ እንተዘይከሓዱ ሰባኣዊ ባሕርይ ጥራይ ኣልቢሶም ንክርስቶስ ከም ሓደ ብኽእለቱ ብዙኃት ሰባት ክማርኽ ዝኸኣለ ግኑን ታሪኻዊ ሰብአይ ገይሮም ይግምትዎ። ኣብዚ ሓድሽ መጽናዕቲ ወንጌል ብመንፈስ ኰነ ብታሪኻዊ ሕይወት ክርስቶስ ዕዉት መርመራ ኪገብሩ ዝኸኣሉ ብዚግባእ ታሪኽ ተንቲኖም ከኣ ንመላእ ሕዝቢ ክርስትያን ዓቢይ ፍልጠት ኬኽስቡ ዝኸኣሉ በዓል ኣዶልፍ ፎን ሃርናኽ ቨልሁውዘን ቡልትማበልዩስ(Adolph von Harnack, Vellhausen, Bultmann, Dibelius) ዝበሃሉ ሊቃወንቲ እያቶም።

## ፱- ልደት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ

ወንጌላውያን ኪጽሕፉ እንከለዉ ስሩዕ ታሪኽ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምዝርዛር ሓሳቦም ስለ ዘይነበረ ብዛዕባ እቲ ሓቀኛ (ልክዕ) ዓመታት ልደት-ጥምቀት-ሞት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣየማሓለልፉልናን፤ ምእንቲ'ዙይ ክሳብ ሎሚ ክርስቶስ በየናይ ዓመት ከምዝተወልደ ብልክዕ ክንፈልጦ ኣይከኣልናን። ናይ ታሪኽ ጸሕእፍቲ (ዮሴፍ ፍላቪዮ ጠርጥሊያኖስ ታሲቱስ ወዘተ) ብዝህብዎ ምልክትን ከምኡ'ውን ብገለ ጥቕስታት ወንጌል ግን ዝተቓራረበ ግምት ዓመት ልደትን-ሞትን ክርስቶስ ክወሀብ ይከኣል።



*"እትወልደሉ ጊዜ በጽሔሞ በኹሪ ወዳ ወለደት" (ሉቃ፡ 27)*

***ሀ. ድዮኒስዩስ ንኡስ*** ዝተባህለ ጸሓፊ-ታሪኽ ብ፮ ክፍለ ዘመን ብጌጋ ልደት ክርስቶስ ብ754 ዓመት ምስረታ ከተማ ሮማ ኢሉ ስለዝገመቶ ካብኡ ንደኅር እቲ ዓመት ምሕረት ተደባሊቑ ተመኃላለፈልና። እንተኾነ ዮሴፍ ፍላቪዮ ከምዝብሎ ሄሮድስ ብ750 ዓ-ምስረታ ሮማ እዩ ዝሞተ። ስለዚ ክርስቶስ ብ748 ዓ-ምስረታ ሮማ ማለት እንተደንጐየ ብ፮ይ ዓ-ድ-ል-ክ- እዩ ተወሊዱ ክንብል ንኽእል። ብተወሳኺ ጠርጥሊኖስ ብ፰-፮ ዓ-ድ-ል-ክ- ኣብ ምድሪ ይሁዳ ምዝገባ ሕዝቢ ከምዝተወልደ ክንርዳእ ንኽእል።

***ለ/ ብናይ ሉቃስ ወንጌል*** ጥቕሲ ተደጊፍና ክርስቶስ መዓስ ተልእኾኡ ከም ዝጀመረ ክንግምቶ ንኽእል። ወንጌል ሉቃስ ኣብ ምዕራፍ 3፡ 1-2 ክርስቶስ ኣብ መበል 15 ዓመት መንግሥቲ ጥበሬዎስ ተልእኾኡ ከምዝጀመረ ይነግረና። ንጉሥ ጥበሬዎስ ብ14 ዓ.ም. ኪገዝእ ስለዝጀመረ ክርስቶስ ብ27 ዓ.ም. (ማለት14+13=27) ትምህርቱ ኬበሥር ጀመረ ክንብል ምኽኣልና፤ ግና ናይ ሮማውያን ሶርያውያንን ኣቈጻጽራ ዓመት ስለዘይሰማማዕ እዚ ግዜ'ዚ 28 ወይ 27 ዓ.ም. ክኸውን ይኽእል። ኣብ ርእሲኡ ግን ዮሓንስ 2፡20 እንተተመልከትና ናይ ኢየሱስ ተልእኮ ብ27 ዓ.ም. ወይ ከኣ ብ28 ዓ.ም. ዝተጀመረ ይመስል። ከመይ ቤተ መቅደስ ብ20 ዓ.ቅ.ል.ክ. ብሄሮድስ ከምብሓድሽ ክሥራሕ ጀመረ ምእንትዙይ ን46 ዕስራ እንተ ፈሰሶ
(46-20 = 26) 26 ስለዚኸውን ክርስቶስ ኣብ መበል 26 ወይ 28 ዓ.ም. ተልእኾኡ ጀመረ ማለት እዩ።

# ፫ ሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ

ኣርባዕቲኦም ወንጌላውያን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብድሮ ሰንበት ኣይሁድ ከምዝሞተ ይናገሩ። ግን እንከ ብዛዕባ ዕለትን ወርኂ ኒሳን (ሚያዝያ) ዮሓንስ ወንጌላዊ ካብቶም ካልኦት ይፍለ። ዮሓንስ ክርስቶስ ኣብ ድሮ ፋሲካ ኣይሁድ (ገንሸል ዝሓርዱላ ዝነበሩ ዕለት) እዩ ሞይቱ ኪብል እንከሎ ክርስቶስ 24 ሰዓት ቅድሚ እቲ ብዕለት 15 ኒሳን ዝብዕል ፋሲካ ኣይሁድ ፋሲካኡ ምስ ኣብዓለ ከም ዝሞተ ይናገር። እቶም ካልኦት ግን ፋሲካ ኣይሁድ (ማለት 15 ኒሳን) ምስ ኣብዓለ ከምዝሞተ ገይሮም ስለዝቕርቡልና ክንቅበሎም ኣይንኽእልን ከመይ ኣይሁድ ብዕለት ፋሲካኦም ኪዋሳወሱን ኪፈርዱን ዘይመስል ነገር እዩ። ጲላጦስ ጴንጤናዊ ካብ 26 ዓ.ም. ክሳብ 36 ዓ.ም. ኣብ ሀገር ይሁዳ ከምዘማሃደረ ንፈልጥ ክርስቶስ ብዓርቢ መዓልቲ ከምዝሞተ ስለእንፈልጥ ዓርቢ ብዕለት 14 ኒሳን ዝወዓለትሉ ኣብዘን 3 ዓመት ብ27-30-33 ዓ.ም. እዩ። ክርስቶስ ብዕለት 14 ኒሳን 27 ዓ.ም. ሞተ ከይንብል እምብዛ ቀልጢፉ። ብዓርቢ 14 ኒሳን 33 ዓ.ም. ከይንብል እምብዛ ደንጕዩ ምስቲ ዓምታት ተልእኾኡን ኣነጻጺርና ዕለት ሞቱን ዓርቢ 14 ኒሳን 30 ዓ.ም. እዩ ክንብል ንኽእል። እምበኣርከስ በዚ ተመርድኸስና ክርስቶስ ብ14 ኒሳን 30 ዓ.ም. ሞይቱ 16 ኒሳን 30 ዓ.ም. ተንሥኤ ንብል። ምስራቃውያንን ምዕርባውያንን ንናቶም ኣቆጻጽራ ስለዘለዎም ኣብዚ ኣብ ሓደ ጠርኒፍና ክንርእዮ።

# ሕይወት ክርስቶስ

| | (ምስራቓዊ)<br>ብአቆጻጽራ ኢትዮጵያ | (ምዕራባዊ)<br>ብአቈጻጽራ ጎርጎርዮስ | ቅኑዕ ኣቈጻጽራ |
|---|---|---|---|
| ጸንሰት | ብ551 ዓመት ዓለም<br>ሰንበት 29 መጋቢት<br>ዘመነ ዮሐንስ | 1ይ ዓመት ምሕረት<br>25 ማርች | |
| ልደት | 1ይ ዓመት ምሕረት<br>ሠሉስ 29 ታሕሳስ<br>ዘመነ ማቴዎስ | 1ይ ዓመት ምሕረት<br>25 ዲሰንበር | 7-6 ዓመት ቅድሚ<br>ዘመነ ክርስትና |
| ጥምቀትን ተልእኾ | 31 ዓመተ ምሕረት<br>ሠሉስ 11 ጥሪ<br>ዘመነ ሉቃስ | 30 ዓመተ ምሕረት<br>12 ጀንዋሪ | 27-28 ዓመተ ምሕረት<br>ታሕሳስ ወይ ጥሪ |
| ሞት | 34 ዓ.ምሕረት ዓርቢ<br>27 መጋቢት<br>ዘመነ ማርቆስ | 33 ዓመተ ምሕረት<br>ዓርቢ | 30 ዓመተ ምሕረት 14<br>ኒሳን-7 ኣፕሪል ዓርቢ |
| ትንሳኤ | 34 ዓ.ምሕረት<br>ሰንበት29 መጋቢት<br>ዘመነ ማርቆስ | 33 ዓመተ ምሕረት<br>ሰንበት | 30 ዓመተ ምሕረት 16<br>ኒሳን-9 ኣፕሪል ሰንበት |
| ዕርገት | 34 ዓ.ምሕረት ሐሙስ<br>9 ግንቦት | 33 ዓመተ ምሕረት<br>ሐሙስ | 30 ዓመተ ምሕረት<br>19 ሜይ ሐሙስ |
| ጰራቅሊጦስ | 34 ዓ.ምሕረት ሰንበት<br>19 ግንቦት | 33 ዓመተ ምሕረት<br>ሰንበት | 30 ዓመተ ምሕረት<br>29 ሜይ ሰንበት |